# ኣርካን፡ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ድሕሪ ሓደ ዘመን!

============////////=============

ክቡራት ኣንበብቲ፡ከመይ ትኰኑ ኣለኩም፤ኩሉ ሠናይ ወ ሊላይ ክትብሉኒ በዓል ተስፋ ኢየ።እዚ ቅነ እዚ፡ብሩህ ተስፋ ዝህብ ዋግዋን ብርሃን ዝበርሃሉ እዋን ይመስል ኣሎ።ብሓቂ፡ድማ ፈጣሪ ልዕሊ ኩሉ ክብርን ምሥጋናን ይግበኦ ኢዩ።ብድሕሪኡ ድማ ኩሉ ደላይ ሠላም ዝኰነ ሕዝቢ እንቋዕ ኣብዚ ኣብፀሓካ ክበሃል ይግበኦ ኢዩ።ብሳልሳይ ደረጃ ድማ ከም መራሕን ከም ፖለቲከኛን መጠን ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ክምሥገን ዝግበኦ ተሃልዩ፡ክቡር ኣብዮታዊ ዶክተር ኣቢይ ኣህመድ ዓሊ ኢዩ።ብድሕሪኡ፡ በብደረጅኡ ዝምሥገኑ ከምዘለዉ ፍሉጥን ርዱእን ጉዳይ ኢዩ።

እዚ ኣብ መንጎ ሕዝብ መንግሥትን ኢትዮጵያን ኤርትራን ተኸሲቱ ዘሎ ዋግዋን ብርሃንን ምርሓው ኣፍ-ደገ ሠላምን፡ብዙሕ ለውጥታት ከምጽእ ምኻኑ ሰሃሮን ሃንቓን ብዙሓት ኢዩ።ዓንቐፍቱ ባእታትን ኣካላትን፡ኣዚዮም ሒደትን ሰብ ተመኽሮ ምኻኖምን ርእሰ-ርጉጽ ኢዩ።ግን ሓያል ድሌትን ባህግን ህዝብን እንተላይ ንቕሓትን ተወፋይነትን ተተወሲክዎ፡ከም ማንም ዝስገር መድረኽ ምኻኑ ኣይትስሕቶን ኢኻ።ኣብዚ 100 መዓልታት መጺኡ ዘሎ ለውጢ ፍጹም ዝነዓቅ ኣይኮነን ኢዩ፤ከመጽእ ትጽበዮ እዉን ማእለያ ዘይብሉ ኢዩ።ንሰላም ዘይደልይ ሕልናን ኣተሓሳስባን ድኽነትን ድሕረትን ዝወለዶ እኳ ተኰነ ገሊኡ ግን ኣብ ታኬላ ኣይ-ሰላም፡ኣይ-ኲናት ክነብር ሕርያኡን ምርጫኡን ብምኻኑ ከም ዝኰነ ክስመረሉ ዝግባእ ተርእዮ ኢዩ።

እቲ ወሳንን ቐላስን ጉዳይ ኩሉንትናዊ ሓርነትን ፍትሕን ምኻኑ ማንም ኣይዝንግዖን ኢዩ።ግን ነዚ ኩሉ መንጸፊ ባይታ ሰላም ብምኻኑ ቀዳምነት ክወሃቦ ንቡር መስርሕ ኢዩ።ኣብ ባይታ ሰላም ብዙሕ ዝንጸፍን ዝምድመድን ጉዳያትን ነገራትን ከም-ዘለዉ ክዝንግዑ ኣይግበኣን ኢዩ።ትምኒትን ባህግን ለውጢ፡እቲ ዝሓለፈ ርብዒ-ዘመን ብቐንዱ፡ሃረርታ ምዕባለን ደሞክራስን ድማ ንዓመታት ከም ማይ ንግሆ ክጸምኦ ዝጸንሐ ሕዝቢ፡እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ሃዋሁ ኣዚዩ መሳጥን ሃዋሃዋ ምኻኑ ብዙሕ ሰብ ኣይስሕቶን ኢዩ።

ንክቡር ዶክተር ኣቢይ ኣህመድ፡ኣዚና ከነመሥግኖን ክንእዶ ንቡርን ግዴታን መስርሕ ሕይወት ሓደ ሕልና ዘለዎ ሰብ ኢዩ። እዚ ከኣ ብምኽንያት መበል 100 መዓልቲ፡ኣብ ኮረሻ ሥልጣን ብምምጻእ ዝመጸ ለውጥታት ከም መእተዊ ክጥቐመሉ ግድን ኮይኑኒ ኣሎ።እምበር ቀንዲ ዉራየይ፡ከምቲ ኣብ ርእሲ እዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዘሎ፡ብዛዕባ እቶም ሊቀ-ሊቃውንቲ ዝኰኑ ነጋድራስ ገብረ-ሕይወት ባይከዳኝ ኢዩ።

ምኽኒያቱ፡ከምዚ ሎሚ ምድሪ ብምሉኣ 'ኣቢይ፡ዓቢይ ሠብ' ኮይኑ ዘሎ፡ኣብ ዘመኖም ድማ እኒ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ይብል ዘብል ስርሓውቲ ዓሚሞም ኢዮም።ንሎሚ ንበሃራት ክንርእይን ክንእድን ከለና ድማ ነቶም መድመድትን ኣንጻፍቲ እምነ-መሰረታት ክንርስዖም ኣይግበኣናን ኢዩ።ንምዕባለን ለውጥን ሓሊኖም ብዙሕ ዕዮታት ዓሚሞ በኛና ሓሊፎም ኢዮም።

እወ፡ክቡር ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣብ ምድረ-ሓበሻ ካብ ዝፈረዩ ሓደ በሊሕ ምሁርን ዉፉይን ምንባሮም ፈላጢኦም ዘበለ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።እዞም ኣዚዮም ዓቢይ ሙሁር ከምቲ ኩሉ ሰብ ዝፈልጦ፡ክንዲ እቲ ፍልጦቶምን ክእለቶምን፡ኣበርክቶም ኢዮም ዝበሃል ኣይኮነን ኢዩ።እቲ ምኽኒያት ድማ ኣብ ኣዚዩ ንኡስ ዕድሜኦም፡ካብዛ ዓለም ብሞት ተቐጺዮም ምፍላዮም ድማ እቲ ቀንዲ ተጠቓሲ ነጥቢ ኢዩ።ካልእ ዕንቅፋታትን እልበታትን ሕይወት ከም ዚነበሮም እዉን ፍሉጥ ኢዩ።




ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣብ ዓውዲ ሞያ ስነ-ቁጠባ ዝነኣም ወሰን ኣልቦ ኢዩ።ኣብ ኣብ መዳይ ስነ-ፅሑፍ ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣዚዩ ታሪካዊ ዝኰነ ወሳኒ ቦታን ግደን ኣለዎም ኢዩ። ኣብ ጉዳይ ምምሕዳር ሕዝብን ሃገርን ቀላሲ ምሁር ኢዮም።ኣብ ሚዛናውን ፍትሓውን ኣጸሓሕፋ ታሪኽ ተኰነ ኣዚዮም ተጠቃስን ደፋር ጸሓፍን ኢዮም።ወዘተ

ኣብ ጉዳይ እዞም ምጡቕ ምሁር፡ብዙሕ ምርምርን መጽናዕታትን ከም ዘድልይ ፍሉጥ ጉዳይ ኢዩ።ኣብዚ ዝሓለፈ ሓደ ዘመን፡ከምቲ ዝድለ ባይታን ዕድልን ኣይረከቡን ዳርጋ ክበሃል ይክእል ኢዩ።እንተኰነ፡ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ፍሉይ ጠመተን ኣተኩሮን ረኪቦም ኣለዉ ኢዮም፤ገና'ውን ክቕጽል ኢዩ።እቲ ምንታይ-ሲ፡ኣበርክትኦም ይኹን ህያቦም መዘና ኣልቦ ብምኻኑ ኢዩ።

 ተጻሕፈ፡ዕለት 12/7/2018 ዓ.ም.ፈ.

ኣብ ጉዳይ፡ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣድሂበ ምስ ብርክት ዚበሉ ሰባት ቅድሚ ሎሚ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት፡ከም ዘውጋዕኩን ከም ዝተመያየጥኩን እዝክር ኢየ።ኣብ ሓደ ሓደ መድረኻት ዝከርም ይኹን ሞያዊ ትንታነ ስርሓውቶም ኣድሂቡ ኣብ ዝወሃበሉ ግዜያት ተኰነ ናይ ምስታፍ ዕድል ኣጋጢሙኒ ይፈልጥ ኢዩ።ግን እቲ መድረኻት ዳርጋ ኣይዓገብኩሉን ኢየ፤ገና'ውን ኣይዓገብኩን ዘለኹ ክብል ይክእል ኢየ።እቲ ዝንኦምን ደርማስ ኣበርክትኦምን ምስቲ መድረኻት እኩል ኮይኑ ኣይረከብክዎን።

ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ስርሓውቲ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣብ ዝተፈላለዩ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ከም መዘራረብን መካትዕን መድረኻት ይረኽብ ኣሎ ኢዩ።እተን ክልተን ዕንቁታትን መጻሕፍቶም ድማ ናብ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ተተርጉመን ኢየን፤ ገና'ውን ኣብ መስርሕ ምትርጓም ይርከባ ኣለዋ ኢየን።እዚታት ምሒር ኣገናዕ ዘብል ስርሓውቲ ኢዩ።እዘን ክልተ ትሕት ኢለን ዘለዋ ስእልታት፡ካብ ገበር መጽሓፍ ዝተወሰዳ ኢየን።ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዩኒቨርስቲ ዝተሓትመ ስርሓውቲ ነጋድራስ ዝሓዛ ኢየን።


...[ነጋድራስ ገብረ ሕይወት ባይከዳኝ] ደፋር፣ አስተዋይና ሥራ ወዳጅ፣ በንፁህ የሌለው ብርቱ ሰው ነበር። ትምህርትም የጀርመን ቋንቋ ደህና አድርጎ የተማረ የፈረንሳይም በጥቂቱ መነጋገር በሚችል መጠን ያውቅ ነበር ... ያንጊዜ በመላው ኢትዮጵያ እንደሱ ያለ አገር የሚያውቅ ሰው አልነበረ-ትም።...

ልዑል ራስ እምሩ ኃይለሥላሴ፣ ካየሁት ከማስታውሰው ከሚለው መጽሐፍ የተወሰደ

በብዙ ተመራማሪዎች ግምት የምሁራን ስብስብ ቁንጮ ተብለው የሚታዩት ነጋድራስ ገብረ ሕይወት ባይከዳኝ ናቸው። ... ለወጣቱ የምኒልክ አልጋ ወራሽ ለልጅ ልጅ ኢያሱ ምክር ይሆን ዘንድ የተጻፈው [አጤ ምኒልክና ኢትዮጵያ የተሰኘው] መጽሐፍ ኢትዮጵያን በልማት ጎዳና ለመውሰድ አስፈላጊ የሆኑትን እርምጃዎች ግልጽና ቀጥተኛ በሆነ ቋንቋ የሚያስረዳ ነው። ...

... አንባቢንና ተመራማሪን የሚያስገርም ሁለት ነገር አለ። አንዱ ገብረ ሕይወት ይህን የመሰለ እስከሁንም ድረስ የሚያስተጋባ ጥልቅ የኢኮኖሚ ፖለቲካ ጉዳዮች መጻፍ የቻሉት ባጭር ዕድሜያቸው መሆኑ ነው። ... ሁለተኛ ነገር አፍ መፍቻቸው ባልሆነው በአማርኛ ቋንቋ ውብና አጥንት የሚሰረስር ድርሰት ለመጻፍ መቻላቸው ነው። ...

ፕሮፌሰር ባህሩ ዘውዴ

... ምናም ባማርኛ ስለጻፉት ይሁን ከአፍሪካ ስለሆኑ [ነጋድራስ ገብረ ሕይወት] ቀድመው የፈለሰፉትን አስተሳሰብ ሌሎች አርባ እና ሃምሳ ዓመት ዘግይተው ሲያውቁት በኢኮኖሚክሱ ዓለም ዝናና እና ታዋቂ ሆኑበት።

... የነጋድራስ ሀሳቦች የረቀቁና የመጠቁ ስለሆኑ ለብዙ ምርምሮችና የፖሊሲ ሀሳቦች ፍሬ ከፋች መሆናቸውን ሳሰምርበት እፈልጋለሁ። ...

ዶ/ር ዓለማየሁ ገዳ




**"... ንጽሑፋቶም ብቋንቋ ኣምሓርኛ ብምጽሓፎም ይኹን ወይ ድማ ካብ ምድረ-ኣፍሪቓ ብምዃኖም (ነጋድራስ ገብረሕይወት) ኣቀዲሞም ዝተፈላሰፍዎ ሓሳባት ካልኦት ድሕሪ 40 ወይ 50 ዓመት ጸኒሖም ዚፈለጥዎ ሰባት እዉን ኣብ ዓውዲ ስነ ቁጠባ ግኑናትን ፍሉጣትን ኮይኖሙሉ ኢዮም።**

**...ሓሳባት ነጋድራስ ገብረሕይወት ዝረቀቑን ዝመጠቑን ኢዮም።ስለዚ ንብዙሓት ምርምራትን ፖሊስታትን ጠቃምቲ ሓሳባት ወሃብቲ ኣፍ-ደገ ምዃኖ ከስመረሎም እደልይ ኢየ።" -ዶ/ር ኣለማዮሁ ገዳ ምሁር ስነ-ቁጠባ ካብ ዘሰፈርዎ ጽሑፍ ዝተወሰደ ኢዩ።**

ነጋድራስ ገብረሕይወት፡ኣዚዮም በሊሕን ደፋርን ምንባሮም ዝፍለጥ ነገር ኢዩ።ካብቲ ብዙሕ ድፍረቶም እቲ ኣብ ዘመነ ሃጸይ ምኒሊክ፡ንመንግስቲ ዝህብዎ ዚነበሩ ርእይቶታትን ነቐፌታትን ኣዚዩ ተጠቓሲ ነጥቢ ኢዩ።ከም ሓደ ጸሓፍን ደራስን ድማ ንጸሓፍቲ ታሪኽ ኣድሂቦም ዝበልዎ ወትሩ ተዘካርን ብሉጽ መግለጺ ድፍረታቶም ኢዩ።

ሓደ ጸሓፊ ታሪኽ፡ክገብሮን ከማልኦን፡ ካብ ዘለዎ ነጥብታት ኢሎም ካብ ዝገልጽዎ ድማ እዚ ዝስዕብ ይርከቦ ኢዩ።

**“ #ብመጀመርታ፡ ሓደ ጸሓፊ ታሪኽ ኣብ መሥርሕ ግዜ፡ንዝተገብሩ ፍጻሜታት፡ተዓዛቢ ልቦና ክህልዎ ኣለዎ።**

**#ካልኣይ፡ ንዝተፈጸሙ ተግባራት ወይ ፍጻሜታት ፍርዲ ንምሃብ፡ኣድልዎ ዘይገብር ኣእምሮ ክውንን ኣለዎ።**

**#ሣልሳይ፡ ንዝተዓዘቦን ንዝሃቦ ፍርድን፡ ንምፍላጥ ንጹር ሣውያ ቋንቋ ክጥቀም ኣለዎ።”**

እዘን 3 ነጥብታት ብኣንክሮን ልቢ ሂብካ ተስተብሂልካለን ይኹን ተስተውዒልካለን፡ቅድሚ ብዙሓት ሙሁራት፣ፈላጣት፣ ተመራመርቲ፣ተቓለስትን ጸሓፍትን **ዓለምና** ዝበልዎን ዝጸሓፍዎን ምኳኑ ክትግንዘብ ከለካ ማዕረ ክንደይ ቐላሲ ኣስተብህሎ ምኳኑ ሓደ ኣብነት ኢዩ።

እዚታት ካብ’ቲ ብዙሕ ነጥብታት ገሊኡ ኢዩ።ንሎሚ ኣብዚ ከብቅዕ ከለኩ፡ከም መዛዘሚ ጽሑፈይ ክብሎ ዘለኒ ኢለ ክፍለይ ኢየ።እወ፡ነጋድራስ ገብረሕይወት ኣብ ሓጺር ዕምሪ ሕይወቶም ካብዛ ዓለም ብሞት ምፍላዮም ፍሉጥ ኢዩ።እንተኾነ፡መዓስ ተወሊዶም፧ መዓስ ዓሪፎም/ሞይቶም ዳርጋ ፍሉጥ ክነሱ፡ገለ ጸሓፍቲ ኣብ መበል 31 ዓመቶም ከም ዝሞቱ ይጽሕፉ ኢዮም።ገሊኦም ድማ ኣብ መበል 33 ዕድሜኦም ከም ዝተቐጸዩ ይሕብሩ ኢዮም፤ይጽሕፉ ኢዮም።እዚ ክእረም ዘለዎ ኮይኑ ይስመዓኒ ኢዩ።



እቲ ካልኣዋይ ነጥቢ ድማ ብዛዕባ ትውልዲ ዓዲ እንኣም ኢዩ።ዓምን ቕድሚ ዓምን ኣብ ዘዳለክዎ ጽሑፋት ኣንቢቦም ዝተፈላለዩ ሰባት ዝተፈላለየ ርእይቶታት ከም ዝሃቡኒ ኣይዝንግዖን ኢየ።ኣብቲ ዝጸሓፍክዎ ጽሑፋት ዓዲ እንኣም ኣብ ሎገምቲ ምኳኑ ሰፊሩ ኢዩ።ነዚ ብምጽሓፈይ ዝተቓወሙኒ ሰባት ነይሮም ኢዮም፤ግን መረዳእታ ይኹን መእመኒ ሓሳብ ክህቡኒ ኣይከኣሉን ኢዮም።ንዓይ ግን ምስክር ዝኾኑ ሰባት ኣለዉኒ ኢዮም።

(ባራምባራስ ኣሸብር፡ወድ ነጋድራስ ገብረሕይወት ኢዮም።)

ካብ ቤተሰቦም ዝተረኽበ ሓበሬታ ይኩን ቅድሚ 75 ዓመት ኣብ ከተማ ኣሥመራ ዚነበሩ ኣቦይ ኣጽብሃን በዓልቲ ቤቶምን ከም ደቂ ኣባሻውል መጠን ምስክርነት ኣለዎም ኢዩ።ካልእ ድማ ዓሚ ኣብ ሓንቲ ጽሕፍቲ ከም ዝገለጽክዎ፡ድሕሪ ሞት ሃጸይ ዮሓንስ ኣብ ኣብ መረብ መላሽን ኣብ ኣልዉሃ ምላሽን ከቢድ ጥሜት፣ድርቕን ሕማምን ከም ወራር ኣትዩ ነበረ።ኣብቲ ግዜ እቲ ሓበሬታ ከምዚ ሎሚ ብዘይምንባሩ፡ ኣብ ገሊኡ ቦታ ደሓን ክራማትን እክልን ብምንባሩ ሰኣን ሓበሬታ ብዘይምፍላጥ ናብ ርሑቕ ተሰዲዶም ኢዮም።

ኣብነት፡ኣብ መረብ-ምላሽ ንባዕሉ ኲፍእ ዘመን እኺ ብመጠኑን ኣብ ገሊኡን እንተነበረ ካብ ትግራይ ብሕልፊ ናብ ኣውራጃ ሰራየ፣ ሓማሴን፣ኣከለጉዛይን ዓንሰባ/ሰንሒትን ካልእን ብዙሓት ሰባት ከም ዝተሰደዱ ካብ መጽሓፍትን ካብ እልቢ ዘይብሎም ናይቲ ታሪኽ ተካፈልቲ ዝኾኑ ስድራ-ቤታት ይኹን ዝተፈላለዩ ሰባትን ሓበሬታ ረኺበ ኢየ።

ኣብ ምድረ-ኣገው ኣብ ገለ ቦታታት ደሓን እክሊ ብምንባሩ እዉን ካብ ገለ ቦታታት ኣውራጃ ኣክሱም፣ዓድዋን ተምቤንን ናብቲ ቦታ ዝተሰደዱ ኔይሮም ኢዮም።ኣብ ከባቢ ዓደ-ተገምበስ ተኾነ ደሓን እክሊ ኣትዩ ብምንባሩ፡ዝጠመዮን ዝሸገሮን ተዓቂቡሉ ኢዩ። ካብ ምድረ መረብ ምላሽ እዉን ብተመሳሳሊ ቅርዑይ ሓበሬታ ብዘይምንባሩ፡ብጌጋ ናብቲ ይምእመኣኒ’ዩ ዝብሎ ቦታታት ግዒዞ’ዩ።

ተኣምራታዊ ታሪኽ ወ/ሮ ትግል (ጓል ቀሺ) ካብ ኣፍ-ሞት ተሳሒገን-ተሳሒገን  ብምትራፈን ታሪካዊ ፍጻሜ ኢዩ።ከም ጓል ሎጎምቲ መጠን ድማ እቲ ተጓንፈኣን ንወዲ ኣዳም ኣስካሕኪሑ ኢዩ።ንእኒ ነጋድራስ ገብረሕይወትን ወላዲቱን ከኣ ብዓቢኡ ብቀረባ ጸሊይዎም ኢዩ።እዚታት ካልእ ግዜ ክገልጾ ወይ ክጽሕፎ ኢየ።

ነዚ ከልዕል ዝቐሰበኒ ነገር ተሃልዩ፡ኣቦ ነጋድራስ ገብረሕይወት፡ሽቃ ባይከዳኝ ምስ ሰራዊት ሃጸይ ዮሓንስ፡ኣብ መከተታት ዓውደ-ኲናት ካብ ዝኸቱ ዚነበሩ ሓርበኛታት ሓደ ኢዮም ኔይሮም።ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ ኣብቲ ኣብ መተማ ዝተገብረ ዓውደ ኲናት ተሳቲፎም ዝተሰውኡ ብርክት ዝበሉ ኢዮም።ደቂ እቶም ስውኣት ድማ ሓቦን ወንን ግዲ ሒዝዎም፡ኣብ ታሪኽ ምድረ-ሓበሻ ዓቢይ ታሪኽ ዝፈጸሙ ዉልዳቶም ፈርዮም ኢዮም።ሓድጎም ሓድጊ ሓድገምበስ ኮይኑ ኢዩ።ታሪኾም ሽንሆት ኮይኑ ሓሊፉ ኢዩ።

ካብ ደቂ ተባዕትዮ ይኹን ካብ ደቂ ኣንስትዮ፡ወለዶም ኣብ ኩናት መተማ ዝተሰውኡዎም ሓያሎ፡ኣብ መዳይ ትምህርቲ፣ኣብ መዳይ ዓውደ ኩናት ዓድዋን ካልእን፣ኣብ ምትርጓም መጽሓፍ ቅዱስ፣ኣብ ምጽሓፍ መጽሓፍትን ትርጉምን ይኩን ኣብ ታሪኽን ተዛመድትን ሞያታትን ዓውድታትን ኣገናዕ ዘብል ስርሓውቲ ዝሰርሑ ኢዮም።ኣብዚ ጠቒሰ ኣይውድኣን ኢየ እምበር ኣብዚ 100 ዓመት ካብ ዝነበሩ ኣዚዮም ፍሉጣት ሰባት፡ወለዶም ኣብ ኩናት መተማ፣ኣብ ኩናት ዓድዋ፣ኣብ ኩናት ትሩብሊን ካልእን ዝተሳተፉን ዝተሰውኡን እቶም ዝበዝሑ ምኳኖም ካብ ዳህሳሳዊ ትዕዝብተይን መጽናዕተይን ክፈልጥ ክኢለ ኢየ።

ስለዚ፡ኣብ እዋን ኩናት መተማ ወድ 3 ዓመት ዝነበሩ ነጋድራስ ገብረሕይወት፡ኣብ ኣዚዩ ንኡስ ዕድሜኦም ናብ ርሑቅ ስደት ክኸዱ ተቐሲቦም ኢዮም።እቲ ኣካይዳ ግን ሕቶ ዘልዕል ኢዩ።ብዙሓት ጸሓፍቲ ከምቲ ኣብ ጉዳይ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም፡ ኣብ ሓንቲ ፅሕፍቲ ብዝተፈጥረት ጌጋ ንብዙሓት ዘጋገየት ፍጻሜ ኮይኑ ትረኽቦ ኢኻ።

እዚ ድማ “ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም እንዳ ኣቡኦም ወድ ሽረ ጥቃ እንዳ ኣባጉና ኢዮም፤ካበይ ዝተርከበ ኢዩ እዚ ወድ ኣክሱም ኢዮም ዝብል...፤” ተበልና ንነዊሕ ዓመታት ሰማዒ ክንረክብ ኣይከኣልናን ኔይር፤ሕጅ ግን ደሓን ይእተዉ ክቡር ኣቶ ዳዊት መስፍን ኣብ መጽሓፎም ምስቲ ንዛረቦን ንጽሕፎን ዝሳነ ታሪኽ ትውልዲ ኣቦይ ወልደኣብ ወልደማርያም ኪዳነ ጽሒፎም ናብ ሕዝቢ ዘርጊሖም ኣለዉ።ኣብ ኢድና እዉን እቲ ሓበሬታ ኔይሩና ኢዩ።

ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ብዙሕ ምስክርነትን መረዳእታን እኺ ተሃለወና፡እዚ ብጸሓፊ ኣቶ ዳዊት መስፍን ዝተጻሕፈ መጽሓፍ ታሪክ ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ግን  ሓቃውነቱ ማዕረ ክንደይ ደስ ዘብል ኢዩ፤ምኽንያቱ ጌጋ ክደጋገም ከሎ ሓቂ ከም ዝመስል ሓደን ቀሊል ኣብነትን ኢዩ።

ኣብ ጉዳይ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ተኰነ ክእረሙ ዘለዎም ነጥብታት ከም-ዘለዉ መጠን ግዜ ከይወሰደ ኢሂን ምሂን ኰነ ኢደይ ኢድካ ተባሂሉ ክስርሓሉ ግድን ኮይኑ ትረክቦ ኢኻ።እሞ ደኣ፡ታሪኽ ታሪኽ ምኻኑ ስለ-ዘይተርፎ ነቲ ዘሎ ጌጋታትን ብኣግኡ ንምእራም ሻማ-ሻም ክበሃል ኣሎ በሃሊ ኢየ።ካልእ ኣብነት ምስ ንውስኽ ድማ ነጋድራስ ናብ ባጽዕ ኣብ ዝኸድሉ፡ብመገዲ ኣሥመራ ከም ዝኸዱ ኣይግለጽ ኢዩ።ወድ ክንደይ ኮይኖም ኢዮም ከ ከይዶም፤ ምስ መን ኮይኖም ኢዮም ከ ከይዶም፤ ኣዲኦም ነቶም ሓማሴናዊ ብዘእተዋ ናበይ ኣቢለን፡ብወዘተ ክጻረይን ክምርመርን ኣለዎ በሃሊ ኢየ።

ንሎሚ ጽሑፈይ ኣብዚ ክዛዝም ከለኩ፡ንታሪካዊ ሙሁር፡ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ ንምዝካርን እታ መጽሓፎም፡ካብ ዝጽሕፍዋ ሓደ ዘመን ምግባራን ንምዝካርን ዝዓለመ ቀንዲ መበገሲ ጉዳይ ኢዩ።ንእግረ መገደይ ድማ እቶም ሕቶታት ዝኰኑ ነጥባታት ከም ሓሳብ ናብ ሕዝቢ ንምቅራብ ዘበገሶ ምኳኑ ክሕብር እፈቱ።



*ኣብ ዝቕጽል ኣሰፌሐ ከቕርቦ ክፍትን ኢየ።*

(ጸሓፊ ጳውሎስ መንኣመኖ፡መጽሓፍ ነጋድራስ ገብረሕይወት ባይከዳኝ፡ኣብ ቅድሚ ጃንሆይ ቀሪቡ፡ክሕተም ዘግበሩ እሙን ዓርኮም ካብ ዝነበሩ ሓደ ኢዮም።)

**ኣብራሃም ብርሃነ**